המכללה האקדמית אשקלון
Ashkelon Academic College

# ፆታዊ መጥቃዕቲ ንምክልኻል ደንቢ

**ናይ ኣሽክሎን ኣካዳምያዊ ኮሌጅ፡ ናብቲ ትካል ንዝመፁ ኩሎም ሰባት ብመሰረት ናይ ፆታዊ ጥቕዓት ምክልኻል ሕጊ 1998 መሰረት ብምግባር ዝተፀሓፈ ፆታዊ ጥቕዓት ናይ ምክልኻል ሕጊ የቕርብ።**

**ናይዚ ሕጊ ዕላማ፡**

**‹‹ናይዚ ሕጊ ዕላማ ናይ ውልቀ ሰባት ክብሪ ፡ ናፅነትን ምሽጥራውነት ንምሕላውን ፆታዊ ማዕርነት ንምትብባዕ ንከኽእል ፆታዊ ጥቅዓት ንምክልኻል እዩ››።**

(ፆታዊ ጥቕዓት ናይ ንምክልኻል ሕግታት–1998)

## ብመሰረት ሕጊ ዝተኸልከሉ ተግባራት

### ፆታዊ ጥቕዓት፡

1. ዝኾነ ሰብ ብምፍርራሕ ወሲባዊ ባህሪ ዘለዎም ስራሕቲ ንኽካይዱ ኣገዲድካ ምሕታት።
2. ፀያፍ ተግባር፡ ብዘይፈቓድ ወሲባዊ ምንቕቓሕ፡ ዕግበት ወይ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ሰባት ምውራድ ዕላማ ዝገበረ ምንቅስቓስ።
3. እቲ ውልቀሰብ ነቲ ጥቕዓት ዝፍፅመሉ ዘሎ ሰብ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበሉ ሕቶ ድልየት ከም ዘይብሉ እንተገለፀኳ ፆታዊ ባህሪ ዘለዎም ተደጋጋሚ ሕቶ ምሕታት። ናይ ኣመሓዳርን ኣብ ትሕቲኡ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ርክብ ወይ ርክብ ስልጣን እንተድኣ ኣሎ ነቲ ሕቶ ምቅዋም ወይ ድልየት ዘይምርኣይ ከም መለክዒ ኣይቕመጥን።
4. ናይ ውልቀሰብ ፆታ መሰረት ዝገበረን እዚ ውልቀሰብ ነቲ ጥቕዓት ዝፍፅመሉ ዘሎ ሰብ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበሉ ሕቶ ድልየት ከም ዘይብሉ እንተገለፀኳ ተደጋጋሚ ሕቶ ምሕታት። ናይ ኣመሓዳርን ኣብ ትሕቲኡ ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ርክብ ወይ ርክብ ስልጣን እንተድኣ ኣሎ ነቲ ሕቶ ምቅዋም ወይ ድልየት ዘይምርኣይ ከም መለክዒ ኣይቕመጥን፡
5. ናይ ዝኾነ ሰብ ዘለዎ ፆታ ወይ ፆታዊ ድልየት ዘተኮረ ዘናሽው ወይ ዘዋርድ ሕቶ ምሕታት።
6. ካብቲ ውልቀሰብ ፈቓድ እንከይተውሃበ ውልቀሰብ ፆታ መሰረት ዝገበረ ፎቶ፡ ቪድዮ ወይ ዝተቐድሐ ነገር ምፍናው፤ እዚ ድማ ነቲ ሰብ ዘዋርድ እንተድኣ ኮይኑ።

### ጥቕዓት 1

ኣብ ልዕሊ እቲ ጥርዓን ዘቕረበ ሰብ፡ እዚ ጥርዓን ኣብ ምፍታሕ ክሳተፉ ኣብ ዝኽእሉ ሰባት ጥቕዓት ምብፃሕ። እዚ ክፍሊ ነቲ ጥርዓን ኣቕራቢ፡ ምስክራትን ነዚ ፆታዊ ጥቕዓት ጥርዓን ኣብ ምፍታሕ ንዝሰርሑ ሰባት ንምሕላው ዓለመ እዩ።

**ኣብ ሰብ ጥቕዓት ምብፃሕ - ክሳዕ 3 ዓመት ማእሰርቲ የስዕብ**

## ናይ ኣስራሒ ሓላፍነት

- ኣብቲ ትካል ንዝህልው ናይ ፆታዊ ጥቕዓት ጉዳይ ተቖፃፃሪ ምስያም።
- ጥርዓን ብንፁር ንክቐርብ ፆታዊ ጥቕዓት ጥርዓን ንምእታው ውፅኢታዊ ዝኾነ ሜላ ምድላው።
- ፆታዊ ጥቕዓት ኣብ ዘጋጠምሉ እዋን ብዝግባእ ምፍታሕ፤ እዚ ድማ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ንክፈልጥን ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ተግባር ንከይፍፀም ንምክልኻልን እቲ ጠራዒ ብቲ ፆታዊ ጥቕዓት ጉድኣት ዝባፅሖ ንምፍታሕ እዩ።
- ካብ 25 ሰራሕተኛታት ንላዕሊ ዝቖፀረ ኣስራሒ ኣብ ፆታዊ ጥቕዓት ዘሎ ሕጊ መሰረት ብምግባርን ኣብ ክሊ ስራሕ እቲ ሰራሕተኛ መሰረት ብምግባር ደንቢ ከውፅእን፡ እዚ ድማ ፆታዊ ጥቕዓት ወይ ትንኮሳ ጥርዓን ዘእትውሉ ከይዲ ሓዊሱ እቲ ኣስራሒ ንምፍታሕ ዝኸደሉ መንገዲ ብዝርዝር ከካትት ኣለዎ። እቲ ኣስራሒ ነቲ ደንቢ ኣብ ሞንጎ ሰራሕተኛታት ሓቲምካ ምክፍፋልን ብዝግባእ ኣብ ዝረኣየሉ ቦታ ምስቃል።
- ንማናጀራትን ሰራሕተኛታት መረዳእታ ወሃቢ ዝኾነ ስልጠናታት ምክያድ።
- ነቲ ጠራዒ ንምሕላው ኣድላይ ዝኾነ ስጉምቲ ምውሳድ።

## ጥርዓን ናይ ምእታው ከይዲ

እቲ ሕጊ ነቲ ጥርዓን ንምፍታሕ ሰለስተ መማረፅታት የቕርብ። ገለገሊኦም ወይ ኩሎም ብተመሳሳሊ ግዘ ወይ ብተኸታታሊ ምጥቃም ይከኣል።

1. **ውሽጣዊ ዲሲፕሊናዊ ስጉምቲ፡** ነቲ ኣስራሒ ወይ ኣብ ክንድኡ ናብ ተቖፃፃሪ ጥርዓን ምቕራብ፡ ናይዚ ዕላማ ድማ ምንፃርን እቲ ትካል ብዘቕመጦ መስርሕ ንምፍላም እዩ።
2. **ሲቪላዊ ከይዲ፡** ኣብ ልዕሊ እቲ ጥቕዓት ፈፃሚ ወይ እቲ ኣስራሒ ብመሰረት ሕጊ ዘለዎ ግቡእ ብዘይምውፃኡ ናይ ስራሕ ትሪቡናል ጥርዓን ምቕራብ። እዚ ኣብ ውሽጢ 7 ዓመት ክኣትው ይኽእል እዩ።
3. **ብገበን ናይ ምሕታት ከይዲ፡** ምፅራይ ገበን ንምክያድ ናብ ፖሊስ ጥርዓን ምቕራብ።

## ብውሽጣዊ ድሲፕሊናዊ ከይዲ ጥርዓን ምንፃር

- እቲ ተቖፃፃሪ ነቶም በዓል ጉዳያትን መሰኻኽር ብምክታት፡ ነቲ መረዳእታ ብምጽራይ ስጉምቲ ክወስድ ኣለዎን ፆታዊ ጥቕዓት ብዛዕባ ዝረኣየሉ መስርሕ ነቲ ጠራዒ ክሕብር ኣለዎ።
- እቲ ተቖፃፃሪ እቲ ጥርዓን እንከየዘንገዐ ናይቶም ኣብዚ ጉዳይ ውሽጢ ዘለው ሰባት ብዝተኽኣለ መጠን ክብርን ግላውነት ብምሕላው ናይ ምፅራይ ስጉምቲ ምውሳድ።
- እቲ ተቖፃፃሪ ናይቲ ጥርዓን ዝርዝር መጠቓለልን እቲ ጉዳይ ክኽየደሉ ዘለዎ መስርሕ ምኽረ ሓሳብ ነቲ ኣስራሒ ከቕርብ ኣለዎ።
- እቲ ተቖፃፃሪ ነቲ ጠራዒ እቲ ጉዳይ ዝረኣየሉ መስርሕ ክሕብረሉ ኣለዎ።
- እቲ ጥርዓን ብግልፂ ኣብ ዝቐርበሉ እዋን እቲ ኣስራሒ ነቲ ፈፃሚ ንምርሓቕ ኣድላይ ስጉምቲ ክወስድ ኣለዎ፡፤


**ኣብዚ ትካል ናይ ፆታዊ ጥቕዓት ምክልኻል ተቖፃፀርቲ**

**ፕሮፌሰር ጊላ ሄን | ሞባይል: 050-9425019 | gilhen@edu.aac.ac.il**
**ወ/ሮ ሚካኤል ታዛሚር | 052-2392231 | Michaltz@aac.ac.il**


**እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ደንቢ ብተወሳኺ ኣብ መርበብ ሓበሬታ @ www.acc.ac.il ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም**